JUNTA WEYANE ጁንታ ወያነ 17.11.2020

ጁንታ ወያነ ዕልልቲ ሽፍታ ጊዜና
47 ዓመት ኣውደኽዲኻ ኣብ ዞባና
ካንሰር ኮይና ኢትዮጵያ ጠሊፉ
27 ዓመት ብሰርቂ ጥርሓ ኣትሪፉ

ኣመጻጽኣ ረሲዓ ታሪኽ ዝኸሓደት
ጽጋብ ምኽኣል ኣሰኢንዋ ዝሻደነት
ብህርፋን ክትግብት ኣፍደገ ባሕሪ
ንጥፍኣት ጺዒራ ለይቲ ምስ ቀትሪ

ብርእሰ ምትሓት እናተሳቐየት
ዕረፍቲ ሲኢና ኤርትራ ከተጽንት
ሰርሒይ ኢላ ሒዛቶ ክሕደት
ግፍዒ ኣብ ልዕሊ ግፍዒ እናወሰኸት
ሓቂ ምስ ሓሶት እናሓዋወሰት
ከተደናግር ክንደይ ዘይጸዓረት
ሃገር ክትከፋፍል እናበለት ኣሕዋት
ድሕር ኣይበለትን ብሓዊ ክትጻወት

ኣብ ስልጣን ከላ ትፍክር ከም ዘይነበረት
ኣብ ቤተክርስትያን ተሓቢኣ እንተ ተማህለለት
ጻድቕ ክትመስል ኣብ ሙማታ ኣምላኻ ተዘከረት
ርድኡኒ ኢላ እንተጨደረት
ዘውጽኣ ነይትረክብ ካብቲ ደልሃመት
እንትርፎ  ኣወሺጡ ጉድጉዋዳ ዝኹዕት

ኢትዮጵያ ብትንትን ክትብለላ
ዘውጻኣቶ መደብ ምስ ፈሽላ
መሰል ዓርሰ ውሳኔ እንዳበለት
2 ዓመት ሃዊኻ ሃገር ምስ ጎረቤት

ዛርግምቲ ጁንታ ሎሚ መዓልታ ኣኺሉ
ካብዚ ዓለም ትሰናበተሉ
ከባቢና ሰላም ዝሰፍነሉ
ታሪኻ ንዘልኣለም ዝቕበረሉ

ዓወት ንሓፋሽ !!  ተስፋይ ወልደጊዮርጊስ  ጀርመን